# ተኪኤ ኣይሞተን

መኸሲ ጎብለል ብርዒ ብጻይ ብጊሓቱ
እስኪ ሞይቱ ኣይንበል ኣሎ ብህየቱ
ሞት እኮ ብዙሕ እዩ ዓይነቱ
ነቲ ብከንቱ ዝነበረ ክልተ'ዩ ሞቱ
ንህዝቡ ዝጸዓተ ግን ወትሩ'ዩ ህያውነቱ።

ብርዕኻ ዓቐን ኣልቦ ምብራኻ
ንሳ ዋልታኻ - ንሳ ጭማራኻ
ንሳ ዛብያኻ - ንሳ ዕጥቅኻ
ንህዝበይ ምስ በልካ - ምዝላቕ ዝሕርምኻ።

ሽቶል ብርዕኻ ዝኣመተቶ ምህርቲ
ዓሪ-ሆ! ኣቢልካ ኣውዲቕካ እንዳእቲ
ቀሊስካ ወፊኻ ናይ ኣእምሮ ሕብስቲ
እዚ ህያብካ'ዚ እዩ ናይ ወትሩ ሓወልቲ።

መንእሰይ ሃገርካ ሒዙ'ሎ ኣሰርካ
ይፍሕትር ይጽሕትር ተቐቢሉ ሽግካ
ፍልስፍና ክመናጠል ከምታ ትምኒትካ
ቅሰን ኣይትሰከፍ ዓሪጉ'ሎ ስምካ።

ደብሪ ናብ ደብሪ ስለዝኾነ ምስጢሩ
ተኪኤ ዘይኮነስ ደብሪ'ዩ ተቐቢሩ
ንሱ ግን ምሳና'ዩ ህያው ንሓዋሩ
ወየየ! ኣየድልዮን - ኣየ ጎብለል! መድሩ
ስድራ ቤት ክጸንዑ ክሕበኑ ብግብሩ።

— ተኪኤ በየነ
(መተዓብይቱ)